City of Seattle

# መምርሒ ናይ ኤለክትሪክ ማኪና መተባብዒ ናይ ፈተነ ፕሮግራም




**እዚ ሰነድ እዚ ኣብ መተባብዒታት፣ ናይ ምልክታ ሮቛሒታት፣ ናይ ቀዳምነት ዘውህቡ ነጥቢታት ናይ ውጽኢት መዐቀኒ መምርሒታትን፣ ደረጃ ብደረጃ መምርሒ ናይ ምምልካትን፣ ዝምልከቱ ዝርዝር ሓበሬታታት ዘጠቓለለ እዩ።**

## መጠን መተባብዒ

እዚ መተባብዒ እዚ 40% ናይ ሓንቲ ናይ ጽዕነት ኤሌክትሪክ መኪና ዋጋ ዝኽውን መጠን ዝኸፍል ኮይኑ፣ ላዕለዋይ መጠን ክፍሊት ድማ ንሓንቲ ናይ ጽዕነት ማኪና ካብ $180,000 ዘይበልጽ እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርኻብ ነቲ ናይ ጽዕነት ኤሌክትሪክ መኪና ናይ ፈተነ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ።

## መሰረታዊ መለክዒታት ብቑዕነት

ንኹሎም ነቶም ሰለስተ መለክዒታት ከማልኡ ዘይኽእሉ ኣመልከትቲ ከመልክቱ ኣይፍቀዶምን እዩ።

### መልከዒታት ቡቑዕነት

እዚ ፕሮግራም እዚ ነቶም ኣብ ዋሺንግተን ግዝኣት ዝርከቡ እሞ ናይ ጽዕነት መካይን ወነንቲ ኮይኖም ኣብ ወደብ ሲያትል ኣገልግሎት ዝህቡ ወይ ድማ ኣብ ከተማ ሲያትል ወይ ኣብ ዱዋሚሽ ቫሊ ንዝሰርሑ ዝቐርብ እዩ።

ኣመልከትቲ ኣብ ግዝኣት ዋሺንግተን ነበርቲን፣ ድሕሪ እቲ ገንዘባዊ ሓገዝ እንተወሓደ ንሰለስተ ዓመታት ብሓድሽ ናይ ኤሌክትሪክ መኪና ተጠቒሞም ኣብ ናይ ሲያትል ወደብ ኣገልግሎት ዝህቡን ክኾኑ ኣለዎም። ኣመልከትቲ መኪናኦም ዝውንኑ ወይ ዝተኻረዩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ዝተመርጹ ኣመልከትቲ እቲ ኣጠቓቕማኦም ምስ ናይ'ቲ ፕሮግራም ሸቶታትን መምርሒታትን ዝሰማማዕ ምዃኑ ንምርግጋጽ ዘኽእሉ ናይ ሪፖርት ኣገባብራን ቁጽጽርን ሮቛሒታት ከማልኡ ኣለዎም።



# ምልክታ ቀዳምነት ዝወሃቦም መዳያት

**እቶም ተሸለምቲ ኣብ'ቶም ኣብ ታሕቲ ተገሊጾም ዝርከቡ ናይ መሰረታዊ መልክዒታት ብቑዕነትን ናይ ቀዳምነት ነጥቢታትን መሰረት ጌርካ ዝሕረዩ እዮም።**

## ናይ ኣናእሽተይ ጽዕነት መካይን ጉጅለታት 5 ነጥቢ ይውስኹ

ነቶም ኣናእሽቱ ናይ ጽዕነት መካይን ዝውንኑን ጉጅለታትን ቀዳምነት ይወሃብ (1-15 ናይ ጽዕነት መካይን)።

## ብደቂ ኣንስትዮን ብንኡሳንን-ዝውነኑ ንግዳዊ ትካላትን 5 ነጥቢታት የወስኹ

ነቶም ብደቂ ኣንስትዮን- ብንኡሳን ክፋላት ሕበረተሰብን-ዝውነኑ ንግዳዊ ትካላት (WMBE) ናይ ጽዕነት መካይን ጉጅለታት ወይ ጋንታታት ቀዳምነት ይወሃብ።

እቲ ናይ መርኣያ ሰነድ፣ ብኸተማ ሲያትል በቲ ናይ'ታ ኸተማ ናይ ኦንላይን ናይ ንግዲ ዳይሬክቶሪ ኣቢልካ፣ ብ ግዝኣት ዋሺንግተን በቲ ናይ ቤት ጽሕፈት ንግዳዊ ኢንተርፕራይዛት ንኡሳን ክፋላት ማሕበረሰብን ደቂ ኣንስትዮንOffice of Minority and Women Business Enterprises (OMWBE)፣ ወይ ካብ ካሊእ ክረጋገጽ ካብ ዝኽእል ፍልፍል (ን ኣብነት ናይ ህዝባዊ ትካል፣ ንመኽሰብ ዘይተጣየሸ ውድብ ወይ ናይ ኢንዱስትሪ ማሕበር ወዘተ) ዝወሃብ ናይ WMBE ኣፍልጦ ክኸውን ይኽእል።

## ክፋላት ማኪና መሊስካ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ምግባር 3 ነጥቢታት ይውስኽ

ክፋላት መኪና መሊስካ ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕል ምግባር ዝብል መለክዒ የለን። ይኹን እምበር፣ ነቲ ኣብ'ዚ ሐዚ ሰዓት ዝውንኑዎን ዝሰርሑሉን ናይ ዲይዝል ናይ ጽዕነት መኪና ክፋላት መሊሱ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ብወለንታውነት ዝፈቐዱ ኣመልክትቲ ግን ተመረጽቲ እዮም።

ነቲ ናይ ብቑዕነት መልክዒ ዘማልኣ ዲይዝል ናይ ጽዕነት መካይን በቲ ኣመልካቲ ዝውነናን ዝዝወራን ኮይነን እቲ ኣመልካቲ ድማ ናይ ሐዚ እዋን ናይ ግዝኣት ዋሺንግተን ምዝገባን እቲ ዝኣረገ ዲይዝል ናይ ጽዕነት መኪና ድማ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ዓመት 50% ዝኸውን ኣጠቓቕማኡ ኣብ ግዝኣት ዋሺንግተን ከም ዝነበረ ዘርኢ መረዳእታ ክቐርብ ኣለዎ። እቲ ፍሉይ ቁጽሪ መለለዪ ማኪና (VIN) ምስ ካልኦት ሓበሬታታት ዝሓዘ ህልው ናይ ክፍሊ መጉዓዝያ ግዝኣት ዋሽንግተን (WSDOT) ምዝገባ ናብ ጉጅለ ስክራብ (ክፋላት መኪና መሊስካ ኣብ ጥቕሚ ምውዓል) ክቐርብ ኣለዎ።

## ተወሰኽቲ ዝተረኽቡ ናይ ምወላ ፍልፍላት 3 ነጥቢ ይውስኹ

እቶም ካልእ ፍልፍል ገንዘባዊ ደገፍ ከም ዘለዎም ዘመልክቱ ኣመልከትቲ ተመረጽቲ ይኾኑ። ንተወሰኽቲ ፍልፍላት ምወላ ዝወሃቡ ዝቐረቡ መበረታትዒታት ኣብ'ቲ መርበብ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ንክይዲ ምውፋር ናይ ኤሌክትሪክ መኪናኻ ንምድጋፍ ነቶም ክትረኽቦም ዝሓሰብካዮም ወይ ዛጊድ ዝረኸብካዮም ተወሰኽቲ ፍልፍላት ምወላ ዝርዝር ዝሓዘ ናይ pdf ሰነድ ጸዓን/ኣፕሎድ ግበር።

## ሓድሽ ናይ ኤሌክትሪክ ባትሪ ድራዬጅ መካይን ናይ ምውናን/ኣብ ስራሕ ናይ ምውዓል ዓቕሚ መረጋገጺ 5 ነጥቢታት ይውስኽ

እቶም በቲ መተባብዒ ዘይሽፈን ናይ ቻርጅ መግበሪ ትሕተ ቕርጺ፣ ቀጻሊ ዝኾነ ምዝገባ፣ ኢንሹራንስ፣ ከምኡድማ ጽገናን ቻርጅ መግበሪ ትሕተ ቕርጺታት ምትካል ሓዊሱ ነቶም ምስ'ቲ መኪና ምውናንን ስራሕቲ ምስራሕን ዘጋጥሙ ናይ መጀመሪ ወጻኢታት ብኸመይ ከም ዘመሓድሩ ዝገልጹ ኣመልክትቲ ቀዳምነት ክወሃቦም እዩ። ኣመልከትቲ ነዚ ክፋል እዚ ብጽሑፍ (750-1,500 ቃላት) ኣታዊ ብምግባር፣ ወይ ድማ ቀጺሉ ብዝስራዕ ቨርቹዋል ዝኾነ ወይ ብኣካል ዝግበር ቃለ መሕትት ክዛዝሙዎ ክመርጹ ይኽእሉ እዮም።

# ከመይ ምምልካት ከም ዝከኣል ዝገልጽ መምርሒ

**ኣብ ናይ ከተማ ሲያትል ናይ ኤሌክትሪክ ጽዕነት መኪና መበረታትዒ ናይ ፈተነ ፕሮግራም ድልየት ብምሕዳርካ የቐንየልና። እዚ መምርሒ እዚ ብኸመይ ክተመልክት ከም ዘለካ ክገልጸልካ እዩ።**

## ስጉምቲ 1፡ ናይ'ቲ ፕሮግራም ናይ ብቑዕነትን መልክዒታትን ሮቛሒታትን ዳህስስ

- ·ከም መጠንን ዓይነትን ጉጅለ መኪና፣ እቲ ስራሕ ዝስርሐለ ከባቢ፣ ናይ ዲይዝል መካይን ክፋላት መሊስካ ንኻሊእ ኣገልግሎት ናይ ምጥቃም ኣድላይነት፣ ምወላታት ናይ ምውሳኽ ክእለትን፣ ናይ ጉጅለ ዓቕሚ መረጋገጺን ዝበሉ ናይ'ቲፕሮግራም ጠለባት ብዝግባእ ከም ዝተረዳእኻዮም ኣረጋግጽ።
- ·እቲ ናይ ጽዕነት መኪና ጉጅለኻን ፕሮጀክትኻን ነቶም ናይ መለክዒ መዐቀኒታት ከም ዘማልኡ ርግጸኛ ኹን። ነቲ ኣብ'ቲ ቀዳማይ ገጽ ዘሎ ናይ ብቑዕነት መልክዒ ሓበሬታ ተወከስ።

## ስጉምቲ 2፡ ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣዳልው

- ነቲ ምልክታ ንምዝዛም፣ ንኹሎም ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣክብ። ነቲ ኣብ'ቲ ታሕቲ ዘሎ ናይ ኣድለይቲ ሰነዳት ዝርዝር መረጋገጺ ተወከስ።

### ዝርዝር መረጋገጺ ኣድለይቲ ሰነዳት

- ☐ ቅቡልን እዋናዊን ንግዳዊ ሊቸንሳ መግንሒ መኪና (ናጻ ወነንቲ መኪናን ኦፕሬተራትን ጥራሕ)
- ☐ ናጻ ወነንቲ ጽዕነት መኪናን ኦፕሬተራትን ናይ ገዛእ ርእሶም ኦፕሬት መግበሪ ፍቓድ ከም ዘለዎም ዘርኢ ሰነድ (ናጻ ወነንቲ መኪናን ኦፕሬተራትን ጥራሕ)
- ☐ ቅቡልን እዋናዊን ናይ ጽዕነት መኪና ጉጅለ ምዝገባ ክፍሊ መጉዓዝያ ግዝኣት ዋሽንግተን (ኹሎም ወነንቲ መኪና ዝኾኑ ጉጅለታት)
- ☐ ናይ ጽዕነት መኪና ጉጅለ ኢንሹራንስ መረጋገጺ (ኹሎም ናይ ጽዕነት መኪና ወነንቲ ጉጅለታት)
- ☐ ናይ ጽዕነት መኪና ቑጽሪ RFID (ኹሎም ናይ መኪና ወነንቲ ጉጅለታት)
- ☐ ናይ'ተን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት ናይ ግብሪ ተመለስቲ (ኹሎም ናይ ጽዕነት መኪና ወነንቲ ጉጅለታት)
- ☐ Business W9 (ኹሎም ናይ መኪና ወነንቲ ጉጅለታት)
- ☐ ናይግዝኣት ዋሺንግተን ቅቡል ዝኾነ ናይ ግዝኣት ዋሺንግተን ናይ ንግዲ ፍቓድ ዘርኢ ቁጽሪ UBI (ኹሎም ናይ መኪና ወነንቲ ጉጅለታት)
- ☐ ነቶም ኣብ ታሕቲ ዝተገልጹ ናይ ቀዳምነት መውሃቢ ክፋላት ዝኸውን መልሲ ኣብ ምሃብ ክሕግዙ ዝኽእሉ ተወሰኽቲ ሰነዳት (ኹሎም ናይ መኪና ወነንቲ ጉጅለታት)

## ስጉምቲ 3፡ ነቲ ናይ ምልክታ ቅጥዒ ርአ

- ነቲ ናይ ኤሌክትሪክ ጽዕነት መኪና መበረታትዒ ናይ ፈተነ ፕሮግራም መርበብ ሓበሬታ ተወከስ።
- ነቲ ናይ ምልክታ ቅጥዒ ኣበይ ከምዘሎ ፍለጥ። ነቲ ኣዝዩ እዋናዊ ዝኾነ ትጥቀም ከም ዘለኻ ኣረጋግጽ።

## ስጉምቲ 4፡ ነቲ ናይ ምልክታ ቅጥዒ መሊእካ ዛዝሞ

- ነቲ ናይ ምልክታ ቅጥዒ ሓቀኛን ዝርዝርን ሓበሬታ ተጠቒምካ ምልኣዮ።
- ኩሎም ዘድልዩ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣቕርብ።
- ኩሎም ክምልኡ ዘለዎም ክፋላት እቲ ቅጥዒ ተመሊኦም ምዃኖም ንምርግጋጽ ነቲ ቅጥዒ መሊስካ ረኣዮ።

## ስጉምቲ 5፡ ነቲ ምልክታ ኣታዊ ግበር

- ነቲ ምልክትኻ ኣብ'ቲ መርበብ ሓበሬታ ዘሎ ቅጥዒ ተጠቒምካ ኣታዊ ግበር ከምኡድማ ነቶም ሰነዳት ናብ OSE_Trucks@seattle.gov ኢሜይል ግበሮም።
- ንኹሎም እቶም ዘድልዩ ነገራት ከም ዘጠቓለልካ ብምፍታሽ ነቲ ከይዲ ኣታዊ ምግባር ዛዝሞ።

## ስጉምቲ 6፡ ናይ ምልክታ ምርመራን ገምጋምን

- ድሕሪ ነቲ ቅጥዒ ኣታዊ ምግባር፣ እቶም ምልክታታት ክግምገሙን ነቶም ናይ ብቑዕነት መልክዒታት ምምላእ ዘይምምላኦም ክፍተሹን እዮም።
- እቲ ገምጋም ነቶም ኣብ'ቲ ናይ'ዚ ፕሮግራም መምሕሪታት ዝተገልጹ ናይ ቀዳምነት መውሃቢ መልክዒታት ኣብ ግምት ውሽጢ ዘእትው እዩ ክኸውን።
- ኣመልከትቲ ናይ'ቲ ምልክታኦም ኩነታት ኣብ ዝተወሰነ ናይ ግዜ ሰሌዳ ክንገሮም እዩ።

## ስጉምቲ 7፡ ቀጸልቲ ስጉምቲታትን ደገፋትን

- እንተደኣ እቲ ኣታዊ ዝገበርካዮ ምልክታኻ ዕዉት ኮይኑ፣ ዝኾኑ ተወሰኽቲ ናይ ብቑዕነት መለክዒታት ሓዊሱ፣ ምስ'ቲ ፕሮግራም ንምቕጻል ክትወስዶም ዝግቡኡኻ ቀጸልቲ ስጉምቲታት ብዝምልከት መምርሒታት ክበጽሑኻ እዮም።
- እንተደኣ እቲ ኣታዊ ዝገበርካዮ ምልክታኻ ዕዉት ዘይኮይኑ፣ ብዛዕባ ኣብ መጻኢ ግዜ ዝህልዉ ናይ ምወላ ዕድላት ብዝምልከት ሓበሬታ ክንህበካ ምሳኻ ክንራኸብ ንኽእል ንኸዉን ኢና።

**መዘኻኸሪ፡ ነቶም ኣብ'ቲ ናይ ምልክታ ቅጥዒን መምሕሪታትን ዝተገልጹ ኩሎም መምርሒታት ብጥንቃቐ ምንባብን ምስዓብን ኣገዳሲ እዩ። ዝኾኑ ሕቶታት ምስ ዝህልዉ፣ ናብ OSE_Trucks@seattle.gov ኢሜይል ለኣኽልና።**

**ንናይ ኤሌክትሪክ መኪና መተባብዒ ናይ ፈተነ ፕሮግራም ብምምልካትካ ሰናይ ዕድል።**

